# ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ

ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ንኹሎም ቈልዑት፡ ብፍላይ ከኣ ነቶም ኣብ ምምሕዳር ትሮምሶ ዚነብሩ ካብ 6ተ ክሳብ 18ተ ዝዕድሚኦም ቈልዑት ይምልከት። ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ንናይ ነጻ ጊዜ ንጥፈታት ዚኸውን ኣብ ፍርቂ ዓመት ክሳብ 800 ክሮነር ይሸፍን። እቲ ኻርድኻ፡ ንባህልን ንምንቅስቓስ ኣካላትን ዚምልከቱ፡ ኣብ ኩሎም ዓይነት ዝተዳለዉ ንጥፈታት፡ ከም ሓደ ተሳታፊ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ - ነዚ ነገር'ዚ ግና ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ እትውስኖ። ናይ ናጻ ጊዜ ካርድ ንምርካብ፡ ንስኻ ኣብ [tromso.friskus.com](tromso.friskus.com) ከም ሓደ ተጠቃሚ ክትምዝገብ ኣሎኻ። ኣብ'ቲ ወብሳይት ምስ ኣተኻ፡ ንስኻ ብዛዕባ ጋንታታት፡ ማሕበራት ኣገዳሲ ሓበሬታ ትረክብ፡ ድሕሪኡ እቲ ናትካ ኾነ፡ ናይቶም ቈልዑት ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ንምንታይ ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል ባዕልኻ ክትመርጽ ትኽእል።

[ብዛዕባ ኣብ ትሮምሶ ዚርከቡ ቈልዑትን መንእሰያትን ናይ ነጻ ጊዜ ንጥፈታት ሓፈሻዊ ትዕዝብቲ ንኺህልወካ ነዚ ዚስዕብ ካርታ ተመልከት](#)።

# ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ እንታይ እንታይ ይሸንፍ?

ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ኣብ ሓደ ወይ ብዙሓት ዓይነት ንጥፈታት ናይ ዝተሳተፍካዮ ክፍሊት፡ ብሕሳብ ሓደ ቈልዓ፡ ኣብ ፍርቂ ዓመት ክሳብ 800 ክሮነር ዘሎ ወጻኢ ይሸፍን። ናይ ልምምድ ኣካላት ክፍሊት፡ ፍቓድ ተጻዋታይ፡ ተሳትፎ ከም ኣባል ጋንታ፡ ኣብ'ቲ መደብ እቲው ኢዩ፡ እቲ ንጥፈት፡ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ዓመት፡ እንተ ወሓደ ካብ 8-10 ጊዜ ምድላው ኪግበረሉ፡ ኣብ ግብሪ ኺውዕል ይግባእ። እቲ ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ንናይ ዕረፍቲ እዋን ንጥፈታት፡ ናይ መገሻ ካምፕ፡ ወይ ናይ ስሩዕ መደብ ውድድር ክፍሊት ኣይሸፍንን ኢዩ። እቲ ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ንቺነማ፡ ንቦውሊን፡ ወይ ንኻልኦት ባዕልኻ ዘዳለኻዮም ንጥፈታት ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን። ንብረታት ስፖርት፡ መሳረሒታት ከምኡ እውን ካልኦት ነገራት፡ ብናይ ነጻ ጊዜ ካርድ ኣይሽፈኑን ኢዮም።

# ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ ኪቕበል ዚኽእል ሰብ መን ኢዩ

ኣብ ምምሕዳር ትሮምሶ ዚነብሩ ቈልዑትን መንእሰያትን፡ ካብ 6-18 ዓመት ዘለዎም፡ ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ ኪረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም። ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ ውልቃዊ ኢዩ፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ እቶም ቈልዑት ኣብ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ኪሳተፉን ኪኽፈለሎምን ከም ዚደልዩ ባዕሎም ኪመርጹ ይግባእ። ኣሕዋት ነፍስወከፎም ነናቶም ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ ኣለዎም። እቶም ኣብ ናይ ናጻ ጊዜ ካርድ ዘለዉ ገንዘብ፡ ናይ ነፍስ ወከፍ ቈልዓ ኢዮም፡ ከምኡ ስለ ዝኾኑ ኸኣ፡ እቶም ናይቲ ሓደ ቈልዓ ናብቲ ኻልእ ቈልዓ ወይ ሓዉ ኪሰጋገሩ ኣይክእሉን። እቲ ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ካብ'ቲ እቲ ቈልዓ ወዲ 6ተ ዓመት ወይ ጓል 6ተ ዓመት ዝኾንሉ ዓመተ ምሕረት፡ ክሳብ ደቂ 18ተ ዓመት ዝመልእሉ ዓመተ ምሕረት ተቀባልነት ኣለዎ።

# ከመይ ገርካ ይሕተት፡ ዕለተ ገደቡኹ መአስ ኢዩ

ናይ ናጻ ጊዜ ካርድ ንምርካብ፡ ንስኻ ኣብ tromso.friskus.com ከም ሓደ ተጠቃሚ ክትምዝገብ ኣሎካ። ኣብ'ቲ ወብሳይት ምስ ኣተኻ፡ ንስኻ ብዛዕባ ጋንታታት፡ ክለባት ኣገዳሲ ሓበሬታ ትረክብ፡ ድሕሪኡ እቲ ናትካ ኾነ፡ ናይቶም ቈልዑት ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ፡ ንምንታይ ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል ባዕልኻ ክትመርጽ ትኽእል። ካብ'ቲ ዝመጸካ ፋክቱራ ዚርከብ ኪድ-ኑመር (ቊጽሪ ኪድ) ክትምዝግብ ከለኻ፡ ነቲ ናይ ነጻ ጊዜ ካርድኻ ኣብ እትጥቀመሉ ጊዜ፡ ክሳብ 800 ክሮነር ዚኣክል ባዕሉ ይኸፍል፡ እቶም ዝተረፉ ዕቅን ኽፍሊት ፋክቱራ ግና ባዕልኻ ካብ ሕሳብ ባንክኻ ክትከፍሎም ትኽእል። ምምሕዳር ትሮምሶ፡ እቲ ካብ ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ ዚኽፈል ድምር ገንዘብ፡ ብቐጥታ ነቶም ትካላት ኪኽፍሎም ኢዩ።

- ናብ tromso.friskus.com እቶ። ናይ ውልቅኻ ናይ ተጠቃሚ መዝገብ ንኺትምዝግብ፡ ኣብ ላዕሊ ብወገን የማን፡ ኣብ «LOGG INN» ዚብል ጽሑፍ ጠውቕ። ድሕሪኡ ቊጽሪ ተሌፎንካ ጽሓፎ፡ ብድሕሪኡ «KOM I GANG» ጠውቕ። ብድሕሪኡ ፓስወርድ መሪጽካ ጽሓፍ፡ ካብኡ ምዝገባኻ ወዲእካ ማለት ኢዩ።
- ናይ ነጻ ጊዜ ካርድ ምውሳድ፡ ዓላሚኻ ጒጅለ ርኸብ (ጋንታ ወይ ክለብ)፡ ካብ ናይ ነጻ ጊዜ ንጥፈታት ዝተላኸልካ ፋክቱራ ዚርከብ ኪድ-ኑመር (ቊጽሪ ኪድ) መዝግቦ።
- ናይ ፍርቂ ዓመት ድምር ፋክቱራ ክሳብ 800 ክሮነር ይኽፈለሉ። ንስኻ ነቶም ዓለምቲ እቲ ዝተረፈ ኽፍሊት ባዕልኻ ትኽፍሎምን።

**ብዛዕባ ምሕታት ካርድ ናይ ቀውዒ ዕለተ ገደብ 2021፡ 30.11.2021**

ንስኻ ነቲ ተወሳኺ ክፍሊት ድሮ ከፊልካዮ እንተ ኾይንካ፡ ናይ ዳግማይ ክፍሊት ፎርም (refusjonsskjema) ኣብ ኮፒተርካ መዝጊብካ ሓዞ።

ንስኻ ናትካ ጋንታ ወይ ክለብ ክትረኽቦ እንተ ዘይኪእልካ፡ ምስቲ ናትካ ክለብ ርክብ ግበር ወይ ከኣ ምሳና ርክብ ግበር። ድሕሪኡ ንሕና፡ ንስኻ ከም እትምዝገብ ብርግጽ ክነረጋግጽ ኢና።

ንስኻ ብዛዕባ ናይ ነጻ ጊዜ ካርድዚምልከት ሕቶ ኣሎካ እንተ ኾይኑ ናብና ብኢ-መይል ብfritidskortet@tromso.kommune.no ገርካ ልኣኽልና።


| **Kontaktperson** | **ተኸታታሊት መደብ** |
| --- | --- |
| Lise Fransiska Valle | ሊሳ ፍራንሲስካ ቫለ |
| Telefon: 94 19 40 89 | ተሌፎን፡ 94 19 40 89 |